DeKalb County School District
Dr. Devon Q. Horton: ዋና-ኣማሕዳሪት

Mr. Diijon DaCosta, Sr. ኣቦ-መንበር ቦርድ
Mrs. Deirdre P. Pierce: ምክትል ኣደ-መንበር
Mrs. Anna Hill
Mrs. Whitney McGinniss
Mrs. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

27 ሰነ 2024

**ዝርከብ ሰብ፥**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

**ቦርድ ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Board of Education): ንሰራሕተኛታትን ኮምን ቃል ዝተኣትወ ገንዘብ ከምኡውን ንዝተገብረ ምጕዳል መጠን ክፍሊት መኻዓዝያ ንዜንጸባርቕ ባጀት ዓመተ-ትምህርቲ 2025 የጽድቕ**

*ንተኸታታሊ ክልተ ዓመት: መጠን ክፍሊት መኻዓዝያ ብ.10 ሚልስ ጐዲሉ*

(STONE MOUNTAIN, GA)- ኣብ ሰነ 2024: DeKalb County Board of Education (*DCBOE*): ኣብ ህሉዋትን ናይ መጻእን ሰራሕተኛታት ዘሎና ጽኑዕ መብጽዓ ንዜንጸባርቕ ባጀት ፊስካላዊ ዓመት 2025 (ዓመተ-ትምህርቲ 2025) ኣጽዲቑ። ቦርድ: ብዛዕባ መንግስታዊ ባጀት ዝምልከት ርእይቶታት ዚውሃበሉ ክልተ ኣኼባታት: ኣብ 17 ሰነ ከምኡውን 24 ሰነምስተኻየደ: ነዚ ባጀት ከጽድቕ እዩ።

ብተወሳኺ: DCBOE: ንተኸታተልቲ ክልተ ዓመታት ንዝተገብረ ምጕዳል ክፍሊት መጐዓዝያ ኣተኩሮ ብምሃብ: ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025 ብ0.10 ሚልስ ብምጕዳል 22.88 ንኺኸውን ምኽንያት ንዚኾነ ምጕዳል መጠን ክፍሊት መጓዓዝያ ብምሉእ ድምጺ ደጊፉ። ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024: ካብ 23.08 ናብ 22.98 ጐዲሉ፣ እቲ መጠን ክፍሊት መጓዓዝያ ድማ ካብ ዓመተ-ትምህርቲ 2020 ጀሚሩ ምፍልላይ ዘይብሉ ሓደ ዓይነት ነይሩ።

"ኣብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ዘለዉ ኩሎም ተማሃሮ ንዘምጽእዎ ውጽኢታት ምጥንኻር ዚብል ንጹር ሸቶ ዘለዎ ባጀት ከነዳሉ ጀሚርና ኢና፣ ኣብዚ ምሉእ መስርሕ'ዚ ብቦርድ ንዝተዋህበ መሪሕነት ንንእድ ኢና" ብምባል ዋና-ኣማሓዳሪት Dr. Devon Q. Horton ተዛሪባ። "እዚ ባጀት'ዚ: ኣብ ዘለዉና ሰራሕተኛታት ወፍሪ ብምግባር ከምኡውን ነቲ ዘለዎም ጸገማት ንኽስተኻኽሉ ኣብ እንህቦም ደገፍ ምርኩስ ዝገብሩ ተማሃሮ: ስድራቤታትን ኮማትን ብእወታ መገዲ ጽልዋ ንዚገብር ስርዓታት ደገፍ ብምምዋል ኣብ ማዕርነት ዘሎና ተወፋይነት ዜንጸባርቕ እዩ።"

ኣቦ-መንበር ቦርድ Mr. Diijon DaCosta, Sr.: ንቀዳምነታት: ትጽቢት ዚግበረሉ ውጽኢታትን ሓላፍነታዊ ምሕደራ መንግስታዊ ምወላታትን ሚዛን ንኺሕሉ ቦርድ ኪጽዕር ከምዘለዎ ኣሕሚሙ ተዛሪቡ።

"ቦርድ ትምህርቲ: ተማሃሮና ንዘለዎም ዕድላት ኣብ መጻኢ ንኼመሓይሽ ጻዕሪ ብምክያድ: ነቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ንኣውራጃ ዘጋጥም ዘሎ ብድሆታት ኣብ ምፍታሕ ብDr. Hortonን ብሰራሕተኛታትን ንዝካየድ ሓልዮት ዚመልኦን ስትራተጅያውን ስራሓት የመስግን" ብምባል Mr. DaCosta ተዛሪቡ። "ኣባላት ቦርድ: እቶም ዘለዉና ስድራቤታት: መራሕቲ ትካላትን መሻረኽቲ ኮምን ንዝህብዎ ሓሳብ ዝሰምዕሉ ብዙሕ ግዜ ይህቡ እዮም። ብመሰረት'ዚ ኣገዳሲ ዝርርባት: ንመጠን ክፍሊት መጓዓዝያ ንተኸታተልቲ ክልተ ዓመት ብ.10 ሚልስ ንኺጐድል ወሲንና።"

DeKalb County School District (*DCSD*): ንሓፈሻዊ ምወላ (መካየዲ ባጀት) ዚውዕል $1.58 ቢልዮን ዘካተተ ባጀት ኩሉ ምወላታት $2.05 ቢልዮን ንኺኸውን ኣሚሙ። ቀንዲ ነጥብታት ባጀት: ነዚ የጠቓልል፥

- ንምዕቃብ ሰራሕተኛታትን ንምቕጻር ሓደስቲ ሰራሕተኛታትን ዚውሃብ መተባብዒ: ኣብ ግንቦት ብቦርድ ጸዲቑ።
- ደረጃ መሳልል ደሞዝ ኪረኽቡ ብቕዓት ንዘኾኑ ሰራሕተኛታት ዚውሃብ ወሰኽ መሳልል ደሞዝ።
- ነቲ ዘሎና *መደብ ደሞዝ መምሃራን* ሓድሽ ቅርጺ ከምዚሕዝ ምግባር፣ ኣብ ደሞዝ መምሃራን ድማ ብገምጋም ናይ 6.1% ወሰኽ ምግባር።
- ንውጽኢታት መጽናዕቲ ካሕሳን ምደባ-ደሞዝን ኣብ ተግባር ምውዓል፣ ነቶም ኣብ ምስትምሃር ዘይነጥፉ 97% ሰራሕተኛታት ድማ ናይ 5.0-5.5% ወሰኽ ምግባር።

-ተወሳኺ-

- ተወሳኺ መምሃሪ ክፍልታት ቅድመ-ትምህርቲ።
- ንኣብያተ-ትምህርቲ Horizon ቀጻሊ ተወሳኺ ደገፍ ምሃብ።
- መመላእታ [IGNITE Teacher Residency Program]።
- ኣብ ነፍስወከፍ ቤት ትምህርቲ መባእታ ዚሰርሑ ተሓጋገዝቲ ጸጥታ።
- ኣብ ነፍስወከፍ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዚሰርሑ ላዕለዎት ኣማኸርቲ።

ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን፡ ብስትራተጂያዊ ፋይናንሳዊ ውጥንን ካብ ኮም ብዝርከብ ምትሕብባርን ደገፍ ረኺቦም ውጽኢት ከምጽኡ ንዘኽእሎም ሃዋሁ ኣብ ምጥንኻር ቀጻሊ ጻዕሪ ይገብሩ።

እቲ ብዛዕባ ባጀት ዓመተ-ትምህርቲ 2025 DCSD ዚምልከት ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብቦርድ ዝቐረበ መግለጺ፡ [ኣብዚ] ኪርከብ ይከኣል እዩ።

ብዛዕባ ጠቕላላ ባጀት ዓመተ-ትምህርቲ 2025 DCSD ዚምልከት ሓበሬታ፡ [ኣብዚ] ይርከብ።

XXX

Robert R. Freeman Administrative Complex
1701 Mountain Industrial Blvd. | Stone Mountain, GA 30083
678.676.1200 | www.dekalbschoolsga.org